


ኩሉ ኣብዚ መጽሔት እዚ ቀሪቡ ዘሎ ሓበረታ ብድምጺ ናብ 12 ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ተትርጒሙ ተቐሪጹ ኣሎ ኣዩ። ብኽብረትኩም ነቲ እትደልዩዎ ቋንቋ ብሞባይል ካሜራኹም ምስ እትስእሉዎ ናብቲ ብቋንቋኹም ተዳልዩ ዘሎ ድምጺ ክሰጋግረኩም እዩ።

ዝኾነ ሕቶ ይኹን ስክፍታ ብዛዕባ እዚ ክታበት እዚ ምስ ዝህልወኩም ናብ ዝመልከቶም ናይ ሕክምና ካኢላታት ክትውከሱ ዝበለጸ'ዩ። ኣገዳሲ እዩ ነዚ ክታበት እዚ ክትወስዱዎ'ሞ ሂወትና እውን ናብ ንቡር ንኽምለስ።

ክታበት ንምውሳድ ጌና ግዜኡ ኣይሓለፈን ዘሎ፡ እቲ ናይ መጀመርታ ክታበት ኣሕሊፍኩሞ እንተድኣ ሃሊኹም፡ ንምትሕግጋዝኩም ድሉዋት ኣሎና።



ብኽብረትኩም በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ መራኸቢ
**www.nhs.uk/covidvaccine**
ሓዲሽ ሓበረታ ንምርካብ ፈትኑ።

# ንምንታይ ኢና ነዚ ክታበት ናይ ኮቪድ-19 ንምውሳድ ሕራይ ክንብል ዝግበኣና።



## ዶ/ር ኣቢየ ሄክቶር-ጎማ

**ቦታዊ ጠቕላሊ ሓኪም፡ ከምኡ'ውን ክሊኒካዊ ኣማሓዳሪ ኣብ ቻፐልታውን መባኣታዊ ናይ ናብዮት ምትእስሳር።**

ኣነ ነቲ ቀዳማይ ክታበት ቅድሚ ክልተ ኣዋርሕ እየ ወሲደዮ፡ ነቲ ካልኣይ ክታበት እውን ኣብ ቀረባ ግዜ እንዳተጸበኹ እየ። በዓልቲ-ቤተይ ኣብ ሊድስ ዝርከብ ጠቕላሊ ሆስፒታል እትሰርሕ ኮይና ድሮ ተኸቲባ እያ። ካብዚ ንላዕሊ እንታይ ክብል እኽእል?

ኣነ እፈልጥ እየ፡ ብዙሓት ሰባት ስለ ዝተጠራጠሩ፡ ንውጽኢት ናይ እቶም ተኸቲቦም ዘሎዉ ሰባት ይጽበዩ ምህላዎም። ዘሕዝን'ዩ፡ ኣብ ዩ.ከይ. ብሰንኪ እዚ ቀዛፊ ሕማም ኮቪድ-19 እዚ ልዕሊ 120,000 ሰባት ሞይቶም ምህላዎም፤ እዚ ኮይኑ ግን ሕጂ ልዕሊ 31 ሚልዮን ሰባት (ናይ ዕለት 20/05/21 ጸብጻብ'ዩ) ነቲ ቀዳማይ ክታበት ድሮ ወሲዶም ብምህላዎም ኣዝዩ ጽቡቕ ወረ ምኺንኑ እንዳ ተፈለጠ፡ ብርግጽ ግን ዝተረፈ ጉዕዞ ኣሎ'ዩ። መጽሓፍ ቅዱስና ከምዝብሎ፡ "ህዝበይ ስኣን ኣፍልጠኦም ጠፍኡ።" ምዝካሩ እውን እኹል እዩ። ብኽብረትኩም፡ ነዚ ዝወሃብ ዘሎ ክታበት እሞ ዓይነቱ እውን ኣየናይ ብዘይገድስ ውሰዱዎ፡ መኽንያቱ እውን እዞም ክታበታት ኩሎም ብኣዝዩ ሓያል ዝኾነ መርመራታት ሓሊፎም ስለ ዝኾኑ። ኩልትና ነቲ ሓቀኛ መንገዲ ብምውሳድ ንስድራ-ቤትናን ንማሕበረተ-ሰብናን ንኹን። ድሓን ኩኑ!


Published June 2021

ብዙሓት ሰባት ነዚ ኣንጻር ኮቪድ-19 ዝወሃብ ክታበት እንተወሲዶሞ፡ ብፍሉጥ እቲ ዝበለጸ ተስፋ ናብ ንቡር ሂወትና እንምለሰሉ'ዩ።

እዚ መጽሔት እዚ ብዛዕባ ክታበት ኮሮና-19 ኣብ ሰባት ንተፈጢሩ ዘሎ ምጥርጣራት ንምብራህን፡ ብተወሳኺ እውን ዳርጋ ተመሳሳሊ ሕቶታት ብምስትውዓል ንምምላስ እዩ።

ይርደኣና እዩ፡ ገለ ሰባት ንምንታይ እዮም ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19 ብዝተመልከተ ጥንቁቓት ንኽኾኑ መሪጾም ዘለዉ፡ ግን ከኣ ኮቪድ-19 ኣዝዩ ሓያል ሕማም ኮይኑ ስጋብ ናብ ሆስፒታል ከብጽሕ ዝኽእል ሓደገኛ ሕማም እዩ። ኣብ ርእሲኡ እውን፡ እቶም ዝሓመሙ ሰባት ንቤተ-ሰቦም ከማሓላልፉዎ ስለ ዝኽእሉን፡ ነቶም ኣብ ስንኩፍ ኩነታት ዝጸንሑ ኣባላት ስድራ-ቤቶም እውን ንኣዝዩ ሓደገኛ ኩነታት ስለ ዘጋልጹን። ንገለ ገሊኦም እውን ዳርጋ ምስ ነባሪ/ነዊሕ ሳምንታትን ኣዋርሕን ዝቕጽል ኣሰራት ናይ ኮቪድ-19 ይገድፈሎም ኣሎ'ዩ። ገለ ካብቶም ዝገድፎም ዘሎ ስምዒታት፡ ቀጻሊ ናይ ድኻም ስምዒታት፡ ሕጽረት እስትንፋስ፡ ቃንዛን ምስፋጥን ኣፍ-ልቢ፡ ናይ ምዝካርን ምትኳርን ጸገማት፡ ድቃስ ምስኣንን ከምኡ'ውን ቅልጣፈ ህርመት ልብን፡ ምዕዋንን እዮም።

ንፈልጥ ኣሎና ኢና፡ ፍሉያት ማሕበረ-ሰባት በዚ ሕማም ኮቪድ-19 ብዝያዳ ተጠቒዖም ምህላዎም። ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ስታቲስቲክስ Office for National Statistics (ONS) ንምንታይ እዮም ጸለምትን ተወላዶ ምዕራባዊ ህንድን ዝኾኑ ሰባት በዚ ሕማም ኮቪድ-19 ብዝያዳ ተጠቒዕም ከም ዘሎዉ ኣብሪሁዎ ኣሎ። ገለ ካብቶም ዝቐረቡ መኽንያታት እውን ከምዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

- ስራሕ፡ ገለ ስርሓውቲ በቶም ኣብዚ ሃገር ከም ንኣሽቱ ዓሌታት ዝፍለጡ ብብዝሒ ዝርከቡዎም ስለ ዝኾኑ፡ በዚ ሕማም ኮቪድ-19 እዚ'ውን ብዙሓት ካብኦም ከም ዝሞቱ ተፈሊጡ'ዩ። ኣብ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ዝወሃበሎም ትካላት፡ ኣብ መጓዓዓዝያ፡ ኣብ ሓለዋን ጽርየትን፡ ኣብ ናይ ናብዮታዊ ኣገልግሎታን ዘሰርሑ ዘሎዉ ገለ ካብ እዚኣቶም እዮም።
- ስጋብ ሳልሳይ ወለዶ ልዕሊኡን ዝበጽሑን ብሓባር ዝነብሩን ስድራ-ቤታት ልዑል ናይ ሕማም ምትሕልላፍ ኣጋጣሚ ስለ ዝህሉዎም ብመጥቃዕቲ እዚ ናይ ብኮቪድ-19 እዚ ብዝያዳ ይጽለዉ እዮም። ኣብ እዞም ንኣሽቱ ዝበሃሉ ዓሌታትን ማሕበረ-ሰባትን፡ በቲ ብዝተደራረበ ውላዳዊ ሓረግ ተጣሚሮም ሓቢሮም ከም ዝነብሩ ፍሉጥ ኮይኑ፤ ከም ፓኪስታናውያን፡ ባንግላደሽያውያን፡ ናይ ህንዲ ዘርኢ ዘሎዎምን ካብ'ዚ ሕማም እዚ ክሕብኡ ኣጸጋሚ ኮይኑዎም እዩ።



## ፓስቶር ሳሙኤል ኣባፋየ

**RCCG, (Everlasting Father's Assembly), Leeds**

ዘሕዝን'ዩ፡ ኮቪድ-19 ካብ መጨርሽታ 2019 ኣትሒዙ ስጋብ ሕጂ ንዓለምና የብርስ ምህላዉ። እዚ ኮይኑ ግን ይመስገን ኣምላኽ ንጸሎታትና ስሚዑ ፍልጠትና ብምዕባይ ነዚ ሕጂ መድሃኒት ኮይኑና ዘሎ ክታበት ንኽምህዙልና ዘብቅዐን፡ ነዚ ኣሸጊሩና ዘሎ ከቢድ ሕማማት እዚ ብምቅላል እውን ካብ ዝጸንሐ ብዝሒ ሞት ከጉድልዎ ምኽኣሎምን።

ንሕና ከም ክርስታያን ናይ ኣምነት ሰባት ኢና። መጽሓፍ ቅዱስና ከም ዝምህረና እውን፡ ስጋብ ክንደይ ሓያል ይኹን እምነትና ብዘየገድስ፡ ብሰናይ ስርሓት ከነሰንዮ ከምዝግባእ እዩ፣ እዚ ዘይንገብር እንተኾንና ግን እምነትና ደጊም ምዉት እዩ (ያዕቆብ 2፡ 14-26)። ከምኡ'ውን ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዘስተምሃረና፡ ጸገማት ኣብ ዘጋጥመና እዋን ንምልጋሱ ጸሎት ከምዘድልየና ፍሉጥ እንዳኾነ፡ ብዓቕምና ነቒሕና ክንገጥሞ እውን ይነግረና'ዩ። (ቅዱስ ማቴዎስ 26፡ 36-41)። ከምኡ እውን መጽሓፍ ቅዱስና ብተወሳኺ ከምዝብሎ፡ ንኹሉ ተጠንቂቕና ክንምርምርን፡ ነቲ ሓቀኛ መንገዲ እውን ኣጥቢቕና ክንክተልን ከምዝግባእ'ዩ (1ይ ተሰሎንቄ 5፡21)።

እምበኣርከስ ኣነ እዚ ክታበት እዚ ካብ ፈጣሪ ዝመጸ መልሲ ንጸሎትናን ጸሎት ቅዱሳትናን ጌረ እየ ዝወስዶ። ስለዚ እውን ኩሉኹም ግዴኹም በጺሑ መጸዋዕታ ምስ ዝመጸኩም ነዚ ክታበታት እዚ ንኽትወስዱዎን፡ ናብ ንቡር ሂወትና ክንምለስን ኣተባብዕ ኣለኹ። እነ ነቲ ቀዳማይ ክታበት ወሲደዮ፡ ሕጂ ነቲ ካልኣይ ንምውሳድ ይጽበ ኣሎኹ። ኣምላኽ ይባርኸናን ብስም እየሱስ ክርስቶስ ይሓልወናን።

## ብዛዕባ እዚ ክታበት እዚ ብዙሕ ቤላ-ቤለው ሰሚዐ ኣለኹ - ብኸመይ ጌረ እየ እቲ ሕቑን ሓሶትን ዝፈልጦ?

እቲ ዝበለጸ ዝኸውን፡ ነቲ ዝተረኸበ ሓበሬታ መሰረት መንቀሊኡ ምፍታሽ እዩ። ይርደኣና እዩ ብዙሕ ቤላ-ቤለውን ዘይጽጹይ ሓበረታትን ስለ ዘሎ፡ ንገለ ሰባት እውን ምጥርጣራት ፈጢሩሎም ኣሎ እዩ። ትካል NHS ነዚ ክታበት እዚ ብዝምልከት ሓደ ወብ-ፓጅ ፈጢሩ ኣሎ እዩ፡ ስለዚ'ውን ነቶም ኣባኡ ተዘርዚሮም ዘሎዉ መወከሲታት ዝኾኑ ጥሉላት ሓበረታታት ኣብ ታሕቲ ርኣዩ፡-

**www.nhs.uk/covidvaccine**

**www.gov.uk/coronavirus**

ኣብ ከተማ ሊድስ፡ ብዛዕባ እዚ ክታበት እዚ ምእንታን ሰባት ብፍልጠት ናብ ውሳኔ ንኽበጽሑ፡ ነዚ ክሕግዙ ዝኽእሉ ብዙሓት ዝተፈላልዩ ዓቕምን ዓቐንን ቅርጽታትን ዘሎዎም ሓበሬታታት ኣማዕቢሉ ኣሎ እዩ።

ብኽብረትኩም ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣቲኹም ብጽሑዎም፡

**www.leedsccg.nhs.uk/covid-vaccine**

እዚ ክታበት እዚ ብግዲ ዝውሰድ ኣይኮነን፡ ኮይኑ ግን ነዚ ኣጋጢሙና ዘሎ ጸገም ናይ ኮቪድ-19 ንምስዓር ክንክእል ምእንታን ዓቢ ዕድል እዩ። ንእንፈትዎም ሰባት ኣድላዪ መድሕን ብምፍጣር፡ ንNHS እውን ድሕነት ክህበልና ይኽእል እዩ።.



## እዚ ክታበት'ዚ ንጸለምትን፡ ንኢስያውያንን፡ ንንኣሽቱ ማሕበረ-ሰባትን ብኸመይ ከንጸላልዎም ይኽእል?

መርመራታት ኣረጋጊጾሞ ከም ዘሎዉ፡ እዚ ክታበት እዚ ናብ ኩሎም ዝተፈላለየ መበቆል ዘሎዎም ደቂ-ሰባት ቀጻልን ውሑስን ኣድማዕን ውጽኢት ኣርእዩ እዩ።

- እቲ ብፋይዘር ዝፍለጥ ዓይነት ክታበት ንምድላዉ ኣብ ዝተኻየደ መስርሕ 9.6% ጸለምቲ/ኣፍሪቃውያን፡ 26.1% ሂሳፓናዋን/ላቲኖ፡ ከምኡ'ውን 3.4% እስያውያን ዘጠቓለለ እዩ ኔሩ።
- እቲ ብኦክስፎርድ ኣስትራ/ዘኒካ ዝፍለጥ ዓይነት ክታበት ንምፍጣር ዝተኸፈሉ ሰባት 10.1% ካብኣቶም ጸለምቲ እዮም ኔሮም።
- እቲ ብሞደርና ዝፍለጥ ዓይነት ክታበት፡ ካብቶም ዝተሳተፉዎ 4.6% ኣስያውያን ክኾኑ ከልዉ፡ 9.7% እውን ጸለምቲ ኣሜሪካያን እዮም።

ብዛዕባ እዚ ኣብ ላዕሊ ተባህሉ ዘሎ ሙሉእ ትሕዝቶ ንምፍላጥ እንተደኣ ተደልዩ፡ ኣብቲ ብፓብሊክ ኣስሰመንት ረፖርት ዝተባህለ መወከሲ፡ ንኹሉ እቲ መጽናዕትን ሳይንሳዊ ሓበሬታታን ከምኡ'ውን ብዛዕባ እቶም ኣብ'ቲ መጽናዕቲ ዝተሳተፉ ሰባት ዝርዝሮም የርኢ'ዩ።

ናብ እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበረታ እዚ ብምኽፋት እውን ነቲ መጽናዕቲ ንምክትታሉ ይከኣል፡-

**www.gov.uk/government/publications/regulatory-approval-of-pfizer-biontech-vaccine-for-covid-19**

**www.gov.uk/government/publications/regulatory-approval-of-covid-19-vaccine-astrazeneca**

**www.gov.uk/government/publications/regulatory-approval-of-covid-19-vaccine-moderna**




## እዚ ክታበት እዚ ቀልጢፉ እዩ ተሰኒዑ’ሞ፡ ብኸመይ ኢና ክንኣምኖ እንኽእል?

ኣዝዩ ብዘይተገመተ መጠን እዩ እዚ ኣህጉራዊ ምትሕብባርዚ ተፈጢሩን እዚ ክታበት እዚ እውን ከመሃዝ ክኢሉን። እዚ ኣህጉራዊ ፈተነታት እዚ ንቶም ሳይንቲስትስ ሰሊጦም ንኽሰርሑ ዕድል ከፊቱሎም፡ ነቲ ንዓመታት ዝኣክል ክወስድ ዝግባእ ዝነበረ መጽናዕትታት እውን ኣብ ውሽጢ ኣዋርሕ ጥራሕ ክፍጸም ኣኽኢሉ ኣሎ።

ብዘይ ውፉያት ዝኾኑ ሰባት ዝኾነ ክሊኒካዊ መጽናዕቲ ክካየድ ኣይክኣልን’ዩ። ብጉዳይ እዚ ተላባዒ ሕማም ኮቪድ-19 እዚ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣሽሓት ውፉያት ሰባት ስለ ዝተኻፈልዎ እዩ ብቕልጡፍ ክሰልጥ ክኢሉ ዘሎ። እዚ መጽናዕቲ እዚ ኣብ ትሕቲ እቲ “ውሁብ” ኩነታት ነይሩ እንተዝነብር ኣዝዩ ነዊሕ ግዜ እዩ ክወስድ ነይሩዎ። ብፍላይ እውን፡ ብዙሕ ሰብ ፍቓደኛ ኮይኑ እንተዘይሳተፎ ኔሩ እዚ ኣይምተረኽበን፤ ብማዕሪኡ’ውን ሰባት ብዘይምግባዝ ንስራሕ ምውፋር ተወሲኹዎ እዩ እዚ ውጽኢት እዚ ዝተረኽበ።

እዞም ክታበታት እዚኣቶም በቲ ናይ ዩ.ከ. ዘፍቅዶ ውሑስ መዓቀኒታት ተመርሚሮም ውሑሳትን ብቑዓትን ኣድማዕትን ብምዃኖም፡ ከምቲ ኢንዲፐንደንት መዲስንስ ረጉላቶሪ ኤጀንሲ (MHRA) ዝጠለቦ እውን ዘማልኡ ኮይኖም ተረኺቦም እዮም። ዝኾኑ ይኹኑ እዞም ንኮሮና ቪሩስ ንምክልኻል ተዳልዮም ዘሎዉ ክታበታት ብኣዝዩ ጽዑቕ መርመራታትን ብቕዓታትን ዝሓለፉ ኮይኖም፡ ካብ እቲ ናብ ልዕሊ ካላኦት መድሃኒታት ዝግበር መዓቀኒታት ነጻ ዝወጹ ኣይነበሩን። እዚ MHRA በቲ ዓለማዊ መዓቀኒ ንስለ ብቕዓትን ውሕስናን ናይ መድሃኒታዊ መዓቀኒታት ዝተቐየደ እዩ።

እዚ ክታበት እዚ በቲ ኣብ ልዕሊ 20,000 ዝኾኑ ዝተፈላየ ዕድመን መበቆልን ዘሎዎም ሰባት ከም ዘረጋገጾ ውጽኢታውን ናይ ውሕስና ጸገማት እውን ዝመለሰ መድሃኒት ኮይኑ እዩ ተረኺቡ ዘሎ።





## ዶ/ር ክሪስቲና ኮስታሽ

**ናይ ቆልዑት ናይ ልቢ ሓኪም ኣብ ናይ ቆልዑት ሆስፒታል ኣብ ሊድስ።**

እዚ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ውሑስን ኣድማዕን እዩ። ከም እቶም ኩሎም ካልኦት ክታበታትን መድሃኒታትን ዝኣክል መጽናዕቲ ተጌሩሉ እዩ። እዞም መጽናዕቲታት ከም ዘርእዩዎ እውን፡ እዞም ክታበታት እዚኣቶም ኣዝዩ ልዑል ዝኾነ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣንጻር ኮቪድ-19 ከም ዘሎዎም ተረጋጊጹ ኣሎ።

እዞም ክታበታት እዚኦም ኩሎም ዝኾነ እንስሳዊ ይኹን ናይ ድቃዊ ውጽኢታት የብሎምን፡ ኣብ ናይ ሰባት DNA እውን ንምቕያር ዘኽእል ዓቕሚ የብሎምን። .

እዞም ክታበታት እዚኦም ብኽልተ ደርጃታት እዮም ዝወሃቡ። ስለዚ እውን ኣከታቲልካ ንኽልተ ግዜ ምውሳዶም እቲ ዝለዓለ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ምጥራይ ብምዃኑ፡ ንኽልቲኡ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ እውን ሓደራኹም ቈጸራታት ውሰዱ።

ምናልባት ዝኾነ ይኹን ምጥርጣራት ምስ ዝህልወኩም፡ ምስ ሓኪምኩም ተዘራረቡሉ እሞ እቲ ትኽክለኛ ሓበሬታ ክትረኽቡ ክትክእሉ ኢኹም። መጸዋዕታ ምስ በጽሓኩም ነዚ ክታበት እዚ ንኽትወስዱዎ ምእንታን ኣዕዚዘ እምዕድን እተባብዕን ኣሎኹ። ናብ እቲ እንፈልጦ ንቡር ሂወትና ምእንታን ሓቢርና ንኽንምለስ፡ ብዝተኻእለ መጠን ነዚ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ንምውሳድ ምስ እንበቅዕ እዩ።

እዚ ክታበት እዚ ብመጥቃዕቲ ኮቪድ-19 ኣዚኹም ንኸይትሓሙ ዝሕግዝ ኮይኑ፡ ግን እቶም ክታበት ዝወሰድኩም ነቲ ሕማም ከተመሓላልፉ ስለ እትኽእሉ ነቲ ናይ ሕማም መመሓልላፊ ዝኾነ መጠንቀቒ ሓበሬታታት ብግቡእ ከተተግብሩ ይግባእ’ዩ፤ እዚ ማለት እውን ኣፍኩምን ኣፍንጫኹምን ክትሸፍኑ፡ ኣኣዳውኩም ብተደጋጋሚ ክትሕጸቡ፡ ብዝተኻኣለ መጠን እውን ነቲ ናይ 2 ሜትሮ ርሕቀታት ኣብ ሓድ-ሕድኩም ክትሕልዉን ኣሎኩም።




## እዚ ክታበት እዚ ንኸንደይ እዋን እዩ ዝከላኸለልና፡ እንደገና ምኽታብከ ከድልየና ድዩ?

ኩሉ ሓደ ብሕማም ኮቪድ ዝትጠቕዐ ሰብ ብጽኑዕ እዩ ዝሓምም ወይ’ውን ንዊሕ ኣሰር ሕማም ዝገድፈሉን(long COVID)። ተመራመርቲ ከም ዘርእዩዎ ዘሎዉ እዚ ክታበት እዚ ነቲ ብሰንኪ ኮቪድ-19 ዝጸንሐ ናይ ብጽኑዕ ምሕማምን፡ ስጋብ ሞት ምብጻሕን፡ ከምኡ’ውን በቲ ሕማም ምልካፍን ምምሕልላፍን ብብዙሕ ኣጓዲልዎ ከም ዘሎ እዩ። እቲ 1ይ ክታበት ጽቡቕ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ እሞ ብድሕሪ 3 ስጋብ 4 ሰሙናት ድሕሪ ነዚ ክታበት’ዚ ምውሳዱ እዩ ዝፈጥር። 2ይ ግዜ ምኽታብ ከድልየኩም እዩ፡ ምእንታን ሓያልን ነዊሕን ናይ ምክልካል ዓቕሚ ንኽተጥርዩ።



### ዶ/ር ኣማል ፓውል

**ቦታዊ ጣቕላል ሓኪምን ኣመሓዳሪ ክሊኒካዊ ጉዳያት ኣብ ቡርማንቶፍስ፡ ሀርሂልስ ከማኡ እውን ሪችሞንድ ሂል መባኣታዊ ናብዮታዊ ምትእስሳር።**

እሙንን ርጡብን ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19 ንምርካብ ነቲ ናይ NHS ወብስይት (**www.nhs.uk/CovidVaccine**) ምርኣይ ኮይኑ፡ ወይ እውን ምስ ዝምልከቶም ክኢላታት ሕክምና ምዝርራብ እዩ። ኣገዳሲ’ዩ እቶም ሕሙማት ብኸመይ እዚ ክታበት እዚ ካብ’ዚ ሕማም’ዚ ክከላኸለሎምን ካብ ክስዕብ ዝኽእል ከቢድ ምጽላእ ከቃልለሎም ከም ዝኽእል።

ብዙሓት ክሕከሙ ዘሎዎም ሰባት ምርካብን ነዚ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ክጥቀሙ ምግባርን እዩ እቲ ዝበለጸ ተስፋውን ናብ’ቲ ቅቡልን ንቡርን ኮይኑ ዝጸንሐ ሂወትና ንምምላስ። ስለዚ በጃኻትኩም ነዚ ክታበት ንምውሳድ ምስ እትዕደሙ ተኸቲብኩም ነዚ ተላባዒ ሕማም ጠጠው ከም ዝብል ግበሩ።



## ክታበታት ብኸመይ ኣገባብ እዮም ዝሰርሑ? ንDNA ንምቕያርከ ይኽእሉ ድዮም?

እዚ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ዝገብሮ እንተሃልዩዎ ንሰብነትና ብኸመይ ነቲ ቫይረስ ንኽገጥሞ ምእንታን ንምምሃሩዩ። እቲ ክታበት ካብቲ ቫይረስ ብዝሰርሖ ፕሮቲን መሰረት መከላኸሊ ዝኾነ ነገር ይፈጥር። እዚ ፕሮቲን እዚ ነቲ ንምክልኻል ዘገልግል ዓቕምና ብምብራኽ መካላኸሊ ህዋሳትን ዋህይቶታትን ብምፍጣር ነቲ ሕማም ይምክቶ።

በዚ ክታበት ኣቢሎም ናብ ነፍስና ዝኣተዉ ነገራት ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ካብ ነፍስና ይወጹ እዮም። እዚ ክታበት እዚ ንDNA ይኹን መሰረት ኣፈጣጥራና ንምቕያር ኣይክኣልን እዩ።

## እዚ ክታበት እዚ ምስ ሃይማኖተይ ዝሰማማዕ ድዩ?

ክታበት ኮቪድ-19 ዝኾነ ይኹን ናይ ኣንስሳ ይኹን ድቃዊ ውጽኢታት ኣይተጠቕመን። መራሕቲ ናይ ምስልምና፡ ሂንዱ፡ ኣይሁድ ኩሎም ብዘይ ምፍልላይ እዚ ክታበት እዚ ንሰዓብቲ ሃይማኖታቶም ዝሰማምዕ ከምዝኾነ ብዘይ መጥርጣር እውን ክወስዱዎ ከም ዝግባእን መጸዋዕታታቶም ኣቕሪቦሙሉ እዮም።




## እዚ ክታበት እዚ ኣብ ሰባኡት ይኹን ደቂ-ኣንስትዮ ውላድ ናይ ምውላድ ጸገማት የስዕብ ድዩ?

The Royal College of Obstetricians & Gynaecologists and the Royal College of Midwives ከም ዝበልዎ፡ እዚ ክታበት ናይ ኮቪድ-19 ንምውላድ ክኸልክል ዝኽእል ጸገም ኣሎዎ ዝብል መረጋገጺ ከምዘይብሉ እዮም ኣረዲኦም ዘሎዉ።

ዶ/ር ጋያትሪ ኣሚርታሊንጋም፡ ተጠያቒ ሓኪም ምስ Public Health England, National Immunisation Team: ከምዝበሎ እውን፡-

“መጽናዕትታት ከምዘርኣዩዎ፡ ከም እቶም ካላኦት ኩሎም ክታበታት ሓንሳብ እንተ ተኸቲብካ እቲ ትሕዝቶ ናይቲ ክታበት ናብ እቶም ናይ ነፍስና ናይ ምክክልኻል ጽኪታት (lymph glands) እዮም ብቕዳምነት ዝኣትዉ፣ ኣብ ውሽጢ ገለ መዓልታት እውን ከም ዘይ'ድለይቲ ነገራት ተገሊሎም ብመጉሓፊ መሳርዕ ነፍስና ኣቢሎም ካብ ነፍስና ይወጹ። ስለዚ እውን ምስ ውላድ ምውላድ ዘራኽብ ንሕጂ ይኹን ንዝመጽእ ዘተኣሳር የብሉን።”

## ነፍሰ-ጾር ከለኹ ነዚ ክታበት ክወስዶ ይግባእ ድዩ?

ናይ ሓባር ሽማግለ ናይ ክታበትን ድሕነትን ማለት The Joint Committee on Vaccination and Immunisation (JCVI) ብዛዕባ ጥንሲ ምስ ክታበት ኮቪድ-19 ኣመልኪቱ ሓዲሽ ሓበረታ ሂቡ ኣሎ እዩ።

እዚ JCVI ጥኑሳት ብመሰረት ዕድሚኤንን ናይ ጥዕና ጸገማተንን ነዚ ክታበት ኮቪድ-19 ከም ኩሉ ሰበን ንኽወስድኦ ሓበረታ ሂኡ ኣሎ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ምስ እትደልዩ፡ ብኽብረትኩም ምስ ዝምልከቶም ናይ ሕክምና ሰብ ሞያ፡ ወይ'ውን ንዝስዕብ ሓበሬታ ጠዊቕኩም ኣንብቡ።

**www.bit.ly/jcviadviceonc19vaccinationforpregnantwomen**

## ምስ ጂ.ፒ. ወይ ዶክቶር ብዛዕባ ምምዝጋብ።

ምስ ጂ.ፒ. ወይ ዶክቶር ንምምዝጋብ ምስ ዝድለ ናብቲ ናይ NHS.uk website ምውካስ ይከኣል እዩ። ሓደ ቅጥዒ/ፎርም ብምምላእ ናብ ጂ.ፒ. ክትምዝገቡ ትኽእሉ፤ ኣብ ገሊኦም ጂ.ፒ. እውን ናብቲ ናቶም ወብሳይት ኣቲኻ ንኽክትመልኦ ስለ ዝሓቱ ኣቐዲምኩም ከተንብቡዎ ይሓይሽ። ብመተካእታ እውን ካብቲ GOV.UK ዝተባህለ ወብሳይት እቲ GMS1 ዝብል ብምውራድ ምመዝገቢ ቅጥዒ ክትመልኡ፡ ወይ'ውን ናብ ጂ.ፒ. ቆጸራ ንኽትምዝገቡን ዝምላእ ቅጥዒ ንምርካብን ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ናይ ግድን ኣይኮነን ፍሉጥ መንበሪ ኣድራሻ ከምኡ እውን መንነት ክህልወኩም። ምናልባት ናብ ጂ.ፒ. ወይ ዶክቶር ንምምዝጋብ ጸገማት እንተደኣ ሃልዩኩም ናብ NHS England ናይ ዓማዊል መራኸቢ ቁጽሪ ተለፎን **0300 311 22 33** ደውሉ።

## ዓይነት ክታበት ምምራጽ ይከኣልዶ?

ክታበት ንምምራጽ ዕድል የሎን። እንተኾነ ግን እቶም ንኽኸትቡኹም ዝተዳለዉ ክኢላታት ቅድሚ ነቲ ክታበት ምሃቦም ብዛዕባ ጥዕናኹም የዛራርቡኹም ስለ ዝኾነ፡ ብምሰረት እዚ እውን እቲ ክወሃበኩም ዝግባኦ ክታበት ክመርጹልኩም ይኽእሉ እዮም።

## ዘሎዉ ክታበት ካብ ሕድ-ሕድ ዝተበላለጹ ድዮም?

ኩሎም ክታበታት ውሑሳትን ልዑል ናይ ምክልኻል ዓቕምን ከምዘሎዎምን ተረጋጊጹ'ዩ። እቲ ኣገዳሲ ጉዳይ እውን ክከላኸሉልኩምን ካብዚ ከቢድ ሕማም ኮቪድ-19 እዚ ከውጻኡኹምን ዝኽእሉ ምኳኖም'ዩ።



## ኢማም ቋሪ ዓሲም MBE

**ኣቦ መንበር መሳጊድን ኢማማትን ኣብ ሃገራዊ ናይ ምምኽኻር ባይቶ፣ ሓላፊ ኢማም ኣብ ሜካ መስጊድ ሊድስ፡ ነጻ ዝኾነ ኣማኻሪ መንግስቲ ኣብ ኣተርጉማ ኢስላማፎብያ።**

ኣብ እዋን እዚ ተላባዒ ሕማም እዚ ተራእዩ ከም ዘሎ፡ ገለ ማሕበረ ሰባት ብዛዕባ እዚ ናይ ክታበት መድሃኒት ምጥርጣራት ኣልዒሎም ኣለዉ፡ ብሓፈሻኡ እዚ እውን ካብ ጉጉይ ሓበረታታ ምርካብ ዝተላዕለ እዩ። እዚ ብኢንተርነት ኣቢሉ ዝዝርጋሕ ዘሎ ሓበሬታ ኣብ መንጎኡ ንዝዛረቡሉ ይኹን ንዝጽሕፉሉ ዘሎዉ ጉዳያት ዝድለ ብቕዓት ብዘይብሎም ሰባትን ኮታ ንዝጠቕሱዎ ዘሎዉ ሓበረታ እውን መሰረት መንቀሊኡ ዘይጠቕሱ ዝንቡዕ ዝኾነ ሓበረታትት ኣሎ እዩ። እዚ ሓደግኛ ኮይኑ፡ ግን ንሕና ሓድ-ሕድና ተደጋጊፍና ንምንባር ግዴታ ኣሎና፡ ሃይማኖትና እስልምና እውን ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዚ ኣዕዚዙ እዩ ዝነገረና። ኣቓልቦና ሂወታት ብዛዕባ ምሕያብን ምድሓንን ክኸውን እዩ ዝግባኦ። ኣብ ልዕሊ እዚ ተላባዒ ሕማም እዚ ዝንቡዕ ሓበረታት ምቕራብ ሂወት እዩ ዘጥፍእ። ዝረኸብኩሞ ሓበረታ ቅድሚ ምዝርጋሕ ንሓቅነቱ ምርግጋጽ እቲ ዝበለጸ እዩ።.

## ክታበት ብዛዕባ ምርካብ።

እዚ ክታበት እዚ ንኹሉ ሰብን መንበሪ ፍቓድኩም እንታይ እዩ ብዘየገድስ ብነጻ ዝወሃብ እዩ። ኩሉ ሓደ ኣብ ዩ.ከ. ዝነብር ሰብ ኣብ ጂ.ፒ. ተመዝጊቡ ናቱ ሓኪም ክህልዎ ይግባእ። እቲ ኣገልግሎት ብነጻ እዩ ዝወሃብ። ኮይኑ ግን ምናልባት ምስ ጂ.ፒ. ምምዝጋብ እንተ ዘይደሊኹም በዚ ዝስዕብ ዘሎ ኢመይል ervaccinationcentre@nhs.net ወይ እውን ብተለፎን ናብ Elland Road vaccination booking ብተለፎን ቁጽሪ 0113 20 69624 ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም።



## እንታይ እዮም እቶም ግዝያውያንን ወይ እውን ቀጸልቲ ዘይተድለይቲ ሳዕቤናት ናይ እዚ ክታበት’ዚ?

ከም ኩሎም መድሃኒታት፡ ክታበታት እውን ዘይተደላዪ ሰዕቤናት ኣሎዎም እዩ። ዝበዝሕ ግዜ  እዞም ሳዕቤናት እዚኦም ፈኮስትን ንግዜኡን ኮይኖም፡ ናብ ኩሉ ሰብ እውን ዝበጽሑ ኣይኮኑን። ዋል እውን እዞም ዘይተደልዩ ሳዕቤናት ኣብ ቀዳማይ ክታበት እንተ ተሰሚያሙኹም፡ ነቲ ካልኣይ ክትወስዱዎ እቲ ዝበለጸ እዩ። ካብ እቲ ቀዳማይ ክታበት ዝኣክል መካላኸሊ ይርከብ እንተኾነ፡ እቲ ካልኣይ ክታበት ብምውሳድ ነቲ ሕማም ንነዊሕ እዋን ንምክልኻል የኽእል።

እቶም ፍሉጣት ዘይተደልዩ ሳዕበናት ኣዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ኣብቲ ዝተወጋኣኩሙሉ ቅልጽም፡ ቃንዛ፡ ክብድ ዝበለ ስምዒት፡ ሕበጥ እውን ክስመዓኩም ይኽእል እዩ። እዚ ኣብ እቲ ፈላሚ 2 መዓልታት ድሕሪ እቲ ክታበት ክጸንሕ ይኽእል።
- ሓፈሻዊ ድኻም።
- ሕማም ርእሲ።
- ጠቕላላ ቓንዛ፡ ክምኡ’ውን ናይ ሰዓል ምልክት።

ዋላኳ ንኽልተ ሰለስተ መዓልታት ዝወስድ ረስኒ ዘጋጥም እንተኾነ፡ ልዑል ዝበለ ረስኒ ግን ምልክት ኮቪድ-19 ወይ እውን ካልእ ሕማም ክኸውን ይኽእል እዩ።  ዕረፍቲ ወሲድኩም ቅቡል ዓቐን ናይ ፓራሲታሞል (ንመምርሒታቱ ግን ምኽታል ይግባእ።) ብምውሳድ ምጥዓይ ይከኣል።

ዝስመዓኩም ስምዒታት ልዕሊ ሓደ ሰሙን ክጸንሕ ኣይግባኣን። ምናልባት እቲ ስምዒታት እንዳ ገደደ እንተ ኸይዱ፡ ወይ እውን ከተሓሳበኩም እንተ ጀሚሩ፡ ናብ NHS 111 ደዊልኩም ሓገዝ ሕተቱ።.

ምናልባት ሓበረታን ምኽርን ካብ ዶክቶራትን ነርስታትን ምስ እትደልዩ፡ ብዛዕባ ክታበትኩም ብዝተመልከተ ርግጸኛታት ኮንኩም ዝስመዓኩም ሕቶታት ከተቕርቡ ይግባእ (ዝተኸተብክሙሉ ወረቐት/ካርድ ኣርእዩዎም) ብመሰረት እዚ እውን ዘድልየኩም ኣገልግሎት ምእንታን ክቐርቡልኩም።

ስጋብ ሕጂ፡ ንኣሽሓት ሰባት ክታበት ንዝወሰዱን ክታበት ኮቪድ-19 ንኽህልዎ ዝኽእል ሽንኻዊ ዘይተደላዩ ሕጽረታት ብዝተመልከተ ዝርዝር ሕማማት ዝሓዘለ ናይ ሓበረታ ጽሑፍ ተዋሂቡዎም እዩ፡ ከም ናይ ኣለርጂ (ተጻይ ዝኾነ ዘይተደላዩ ውጽኢት) ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ነባሪ ዝኾነ ሕማማት ተራእዩ እዩ ተባሂሉ ዝተመዝገበ የሎን።

## እንታይ እዩ እቲ መምርሒታት ብዛዕባ ክታበት ጸረ ኮቪድ-19 ናይ ኦክስፎርድ ኣስትራ/ዘኒካ?

ሓዲሽ መምርሒ ተዘርጊሑ ኣሎ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ክታበት ኮቪድ-19 ናይ ኦክስፎርድ ኣስትራ/ዛኒካ።

እቲ ናይ ዩ.ከይ. ነጻ ተቖጻጽሪ MHRA ከም ዝበሎ፡ ንክታበት ኦክስፎርድ-ኣስትራ/ዘኒካ ካብ ዝወሰዱ ሰባት ኣብ ኣዝዩም ውሑዳት ሰባት እዩ ናይ ደም ምርጋእ ጸገማት ዝተራእየ። እዚ ጸገም እዚ ግን ዋላ ናብ ነዚ ካታበት እዚ ዘይወሰዱ ሰባት እውን ዘጋጥም እዩ፣ ንምንታይ እዩም እዞም ኣዝዩም ውሑዳት እዚ ጸገማት ፈጢሩሎም ግን ጌና ኣብ መጽናዕቲ ዘሎ ጉዳይ እዩ።

ክልተ ዓበይቲ ትካልት ማለት MHRA ከምኡ እውን JCVI የቃልሕዎ ከም ዘሎዉ፡ እቲ ጸገም ኣዝዩ ንእሽቶይ ምዃኑን ማለት ዳርጋ 10 ሰባት ዝኾኑ ጥራሕ እዮም ኣብ ውሽጢ ሓደ ሚልዮን ህዝቢ ነዚ ጸገም ኣርእዮም ዘሎዉ፡ ስለዚ እውን እቲ ረብሓን ክሳራን ብምውድዳር እቲ ረብሓ ዝመዘነ እዩ።.

ዕድመኹም 40 ዓመታትን ልዕሊኡን እንተ ደኣ ኾይኑን፡ ሕጽረት ጥዕና እውን እንተሃልዩኩምን ብኮቪድ-19 ናይ ምጥቃዕ ዘሎ ኣኻእሎኹም ዝለዓለ እዩ፡ ስለዚ እውን እቲ ዝወሃበኩም ክታበት ኣየናይ ምዃኑ ብዘየገድስ ክትወስዱዎ እዩ ዝግባኣ። እቲ ረብሐ ክታበት ናይ ኮቪድ-19 ነቲ ሓማም ኣብ ምቅላልን ከምኡ እውን ካብ ሞት ዘድሕንን ስለ ዝኾነ፡ ብመንጽር እቲ ናይ ጸገማት ደም ምርጋኣ ብምርኣይ ክታበት ምውሳድ እቲ ዝበለጸ እዩ።

ነቶም ትሕቲ 40 ዝዕድሚኦምን ናይ ጥዕና ጸገማት ግን ዘይብሎምን JCVI ይምዕዶ ከምዘሎ ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ብመተካእታታታ ክወህቦም ዝከኣል እዩ፡ ኮይኑ ግን ክታበቶም ንምውሳድ ግዜ ዝወሰድን ዘዳናጉን ክኸውን የብሉን።

በኽብረትኩም በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ መእተዊ ጌርኩም ናብ እቲ ጥዕናዊ ትካላት ዓዲ እንግሊዝ Public Health England ምስ NHS ንኽህልወኩም ዝኽእል ዝተፈላልዩ ሕቶታት ንምምላስ ኣዳልዩምዎ ዘሎዉ ሓበረታዊ መጺሔታት ክትዕዘቡ ትዕደሙ።.

**www.bit.ly/C19vaccinationandbloodclotting**